




ምመ ተኪአ መብራህቱ

## ትእምርትታት ካልኣይ ምጽኣቱ
## ትእምርቲ እስራኤል

### 1. ትእምርቲ ምምላሱ።

ብናይ መጽሓፍ ቅዱስ ኣበሃህላ ንመለለዪ ዝተበርከተ ፍሉይ ምልክት ወይ ሓበሬታ ትእምርቲ ይብሃል። መጽሓፍ ቅዱስ የሱስ ከም ዚምለስን ምምላሱ ድማ ይቐርብ ምህላዉን ከነለልየሉ እንኽእል ንጹር ምልክታት፡ ማለት፡ ትእምርትታት ሂቡ ኣሎ። ሓደ ካብዚ ትእምርትታት ናይ ምቕራብ ምምላስ የሱስ ክርስቶስ ድማ እቲ ብትንቢት ብዛዕባ እስራኤልን የሩሳሌምን ተዋሂቡ ዘሎ እዩ። ነዚ ጕዳይ እዚ ብሕጽር ዝብለ ኣገባብ ኣቕልበሉ።

**እብራውያን 9፡28፡**

> "እቲ ንሓጢኣት ብዙሓት ኬርሕቕ ኢሉ ሓንሳእ እተሰውአ ክርስቶስ፡ ንምድሓን እቶም ዚጽበይዎ፡ <u>ኻልኣይ ጊዜ ብዘይ ሓጢኣት ኪግለጽ እዩ።"</u>

**ማቴዎስ 24፡ 32-33 ድማ፡**

> "ምስላኡ ኻብ ኦም በለስ ተምሃሩ። ጨነፍራ ምስ ለምለመ፡ ቈጽላውን ምስ ጠጥዐ፡ ክረምቲ ኸም ዝቐረበ ትፈልጡ ኢኹም። ከምኡ ድማ ንስኻትኩም <u>እዚ ኹሉ ምስ ርኤኹም፡ ናብ ኣፍ ቤት ምቕራቡ ፍለጡ።"</u>

ግናኸ ሓደ እኳ ተመራሚሩ ወይ ብዝኾነ ምኽንያት፡ የሱስ ክርስቶስ በዚ ወርሒ እዚ ወይ በዚ ዓመት እዚ ወይ በዚ መዓልቲ እዚ ኺምለስ እዩ ኢሉ ኣዳዕዲዑ ኽይእውጅ ከኣ ከልኪሉ እዩ። ምስናይ እዚ ኣምላኽ ባዕሉ ነዛ ፍልጠት እዚኣ ካብ ኵሉ ሰብ ሰዊሩዋ ኣሎ።

ሓደ-ሓደ ሰባት፡ ፈለጥና ኢሎም ዝደፈሩ ቅድሚ ሕጂ፡ ኵላቶም ሓደ ድሕሪ ሓደ ፈሺሎምን ፈኹሶምን ከም ዝተረፉ ሓቂ እዩ። ከም ዚምለስን፡ ምምላሱ እናቐረበ ይኸይድ ከም ዘሎን ክንፈልጥ ግና እኹል ሓበሬታት ሂቡና ኣሎ። ነዞም ምቕራብ ምምላሱ እነለልየሎም ምልክታት ትእምርትታት ምምላሱ ዚብል ስም ሂብና ንከታተሎም።

### 2. ትእምርቲ እስራኤል

እስራኤላውያን ነቲ ትእምርትታት ኣምላኽ ብዚምልከት፡ በቲ ሓደ ወገን መለበሚ፡ በቲ ሓደ ኻልእ ወገን ድማ ኣርኣያ ዝኾኑ ህዝቢ እዮም።

መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዚምህሮ፡ ታሪኽ ህዝቢ እስራኤል፡ ኣቐዲሙ ብትንቢት እተነግረ፡ ኪፍጸም ከሎ እንርእዮ፡ ምልክት ናይ ምቕራብ ምጽኣቱ ዝሓዘለ ምኧኑ ከነስተብህለሉ ተማዒድና ኣሎና።

ታሪኽ ናይ እስራኤልን ህዝቢ እስራኤልን እንምሃረሉ መለበሚ ምእንቲ ኪኸውን፡ "ከምኡ ድማ ንስኻትኩም እዚ ኹሉ ምስ ርኤኹም፡ ናብ ኣፍ ቤት ምቕራቡ ፍለጡ" ኢልዎ ዘሎ፡ ቀርብ ኢልካ ኣቕልቦ ዜድልዮ እዩ።

2.1. መንቀሊ።

እቲ ናይ መጀመርታ እስራኤልን ህዝቢ እስራኤልን መንቀሊኡ፡ 2000 ዓመታት ቅ.ል.ክ. ኣቢሉ፡ ብኣቦኦም ኣብርሃም እዩ። ብ1500 ቅ.ል.ክ. ኣቢሉ ድማ ብሙሴ ተመሪሖም፡ ካብ መግዛእቲ ግብጺ ኣምሊጦም። በዚ ንፈለማ እዋን ሃገር እስራኤል ተኸሉ። እዚ ታሪኽ ናይ ምትካል ህዝብን ሃገር እስራኤልን ትእምርቲ ትንቢት እዩ። ስለዚ ድማ እዩ እግዚኣብሄር ንህዝቢ እስራኤል "... ህዝበይ፡ እቲ ሕሩየይ ... ንኣይ ዝደኾንኩዎ ህዝቢ ..." ኢሉ ዝሰምዮ።

እዚ ትንቢታዊ ምርዳእ እዚ ካብ ኦሪት ዘፍጥረት፡ ካብ ኣብርሃም ጀሚሩ፡ ክሳዕ ራእይ ዮሃንስ ተደጋጊሙ ንረኽቦ። ዘጽ 6፡7 ዘሌ 20፡26 ዘዳ 14፡2 2ይ ሳሙ 7፡ 24። ነዚ ምሕራይ ህዝቢ እስራኤል ናይ ትንቢት ትእምርቲ ምእንቲ ክኾኑ ከመይ ገይሩ ከም ዘኽርሮ ኣንቢብና ንመልከቶ።

2.2. ምርኮ እስራኤል።

እግዚኣብሄር ንእስራኤል ዝሓረዮም፡ ሃገር ድማ ዘውረሶም፡ ሕሩያት ህዝቡ ኰይኖም ንምሉእ ዓለም ንበረኸት ምእንቲ ኪኾኑ እዩ ነይሩ። ነብያትን ካህናትን ፈሪሃ እግዚኣብሄር ዝነበሮም ነገስታትን እናሃበ ድማ ካብ 1500 ኣቢሉ ክሳዕ 580 ድ.ል.ክ.፡ ማለት ን920 ዓመታት ዚኣክል ተዓገሶም።

ደሓር ግና ንምርኮን ስደትን ኣብ ኢድ ሓያላት መንግስታትን ኣሕሊፉ ብምሃብ መቕጻዕቲ ኣውረደሎም። ካብ 580 ጀሚሩ ክሳዕ 1948 ድ.ል.ክ. ህዝቢ እስራኤል ሃገሩን መንግስቱን ብልኡላዊ ደረጃ ወኒኑ ኣይፈልጥን።

ን 2528 ዓመታት ዚኣክል ድማ ግዚኦም ኣብ ትሕቲ ጨኾና ስደታትን መግዛእትታትን ምርኮታትን ኣብ ትሕቲ ባቢሎናውያን፡ ፐርስያውያን፡ ግሪኻውያን፡ ሮማውያን ሶርያውያን፡ ግብጻውያን፡ ቱርካውያን፡ እንግሊዛውያን ከምኡ'ውን ጀርመናውያን ኣሕሊፎሞ።

ብ 1880 ሃገር ፍልስጢኤም ኣብ ትሕቲ ቱርካውያን ከላ፡ ህዝባ ድማ ኣስታት 700,000 ኣቢሉ ኣብ ዝግመተሉ ዝነበረ እዋን፡ ካብ 24,000 ዘይበዝሑ እስራኤላውያን ተቐማጦ ነይሮም። ህዝቢ እስራኤል ከመይ ገይሮም ከም እተመልሱን ሃገር ድማ ከም ዝተኸሉን ናይ ትንቢትን ናይ ታሪኽን ትእምርቲ እዩ።

2.3. ምምላስን ምትካልን እስራኤል።

ንኣሽሓት ዓመታት ተደጋጊሙ ተጨፍጪፉን ተባሪሩን ዝነበረ ህዝቢ እስራኤል፡ ከይጸነተ ወይስ ተሓናፊጹ ከይሓቐቐ ከመይ ኢሉ ተዓቍረ? ከመይ ኢሎምከ ንኽንድዚ ዚኣክል ዓመታት ዜጥፍእዎ ሃገር ካብ ኢድ ሓያላት ጸላእቲ ኣምሊሶም ከይኣክልሲ ሃገር'ውን ክተኽሉ ዚኽኣሉ? ዛንትኡ ናይ ትንቢትን ናይ ታሪኽን ተኣምራታት እዩ።

ብዛዕባ እቲ ትንቢታት ኪፍጸም ከሎ ዚሕብረልና፡ ዚስዕብ ሰሌዳ፡ ናይ ካብ 1880 - 1967 ዘሎ ሓበሬታ ዛንታ ናይ ህዝብን ሃገርን እስራኤል ንመልከት።

- 1880፡ ኣብ ፍልስጢኤም ዚቕመጡ ዝነበሩ ብዝሒ ናይ ጽግዕተኛታት ኣይሁድ 24,000 ኣቢሉ ይኸውን ነይሩ።
- 1914፡ ብዝሒ ኣብ ፍልስጢኤም ናይ ዝነበሩ ኣይሁድ 90,000 ኣቢሉ በጺሑ።

- 1917፡ ጉዳይ እስራኤልን ህዝቢ እስራኤልን ኣብ ባይቶ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ይቐርብ።

- 1914-1918፡ ቀዳማይ ውግእ ዓለም ኰይኑ።

- 1920፡ ፍልስጢኤም ብሕድሪ ባይቶ ዓለም ኣብ ትሕቲ ዑቕባ መንግስቲ እንግሊዝ ንኽትጸንሕ ይውሰን።

- 1935፡ ቍጽሪ ጽግዕተኛታት ኣይሁድ ኣብ ፍልስጢኤም 300,000 ኣቢሉ ይበጽሕ።

- 1947፡ ሕቡራት መንግስታት ብዘሕ ለፍአ ውሳኔ ፍልስጢኤም ኣብ ክልተ ትምቀል።

- 1948፡ ግንቦት 14፡ እስራኤል ልኡላዊት ሃገር ምኳና ብባይቶ ሕቡራት መንግስታት ይእውጅ። በዚ እዋን እዚ፡ ቍጽሪ ህዝቢ እስራኤል 600,000 ኣቢሉ ይኣቱ።

- 1948፡ ግንቦት 15፡ ግብጺ፡ ሶርያ፡ ሊባኖስ፡ ዒራቕ፡ ዮርዳኖስ፡ ንልኡላዊ ህልውና መንግስቲ እስራኤል ብሓባር ይነጽግኡ። ኣንጻር እስራኤል ድማ ውግእ የልዕላ፡ ግና ብቕልጡፍ ድማ ይሰዓራ። መሬት እስራኤል ከኣ ቀልጢፉ ይሰፍሕ።

- 1956፡ እስራኤልን ግብጽን ይዋግኣ። ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ መዓልትታት ድማ እስራኤል ትዕወት።

- 1967፡ ግብጺ፡ ሶርያ፡ ዮርዳኖስ ብስሙር ግንባር ዓጢቐን ኣንጻር እስራኤል ተንሲአን ይዋግኣ። ድሕሪ ናይ ሽዱሽተ መዓልትታት ውግእ ድማ መሬት እስራኤል ካብቲ ዝነበሮ ብኣርባዕተ ዕጽፊ ይሰፍሕ። በዚ ድሕሪ 2547 ዓመታት፡ ንመጀመርታ እዋን፡ የሩሳሌም ብምልእታ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር ናይ ልኡላዊት ሃገር እስራኤል ትኸውን።

ትንቢታት ብዛዕባ ሃገርን ህዝብን እስራኤል፡ ምስቲ እተፈጸመ ታሪኹ እናኣቛረጽና ኽንምሃሮ ዝግብኣና ትእምርቲ ናይ ምቕራብ ምምላስ የሱስ ክርስቶስ ዚምህረና ሓቂ እዩ።

## 3. ትእምርቲ ከተማ የሩሳሌም

ነብይ ኢሳይያስ ነቲ ኣምላኽ ዚሃቦ ራእይ፡ "ብናይ ይሁዳን የሩሳሊምን ዝረኣዮ ራእይ" ኢሉ ይሰምዮ (1፡1 2፡1)። ከተማ የሩሳሌም ኣብ ታሪኽን ኣብ ትንቢት መጽሓፍ ቅዱስን ዓብዪ ኣጀንዳ ናይ ኣምላኽ፡ ኰይና፡ ናይ ትእምርቲ ከተማ ድማ እያ። ከም ናይ ትእምርቲ ከተማ ኸኣ፡ ብዛዕብኣ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ከምዚ ይብል።

"... ዘመናት ኣህዛብ ክሳዕ ዚፍጸም፡ የሩሳሌም ብኣህዛብ ክትርገጽ እያ" (ሉቃ 21፡14) ይብል።

ኣብ ላዕሊ ከም እተጠቕሰ፡ ብሰነ 7, 1967 ውግእ ምስ ነተጐ፡ ድሕሪ 2547 ዓመታት፡ ከተማ የሩሳሌም ንመጀመርታ እዋን፡ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር ናይ ልኡላዊት ሃገር እስራኤል ኽትኣቱ ክልተ መዓልቲ ጥራይ ወሲዱ። ዘበናት ምልኪ ኣህዛብ ኣብ ልዕሊ የሩሳሌም መወዳእታኡ ኰይኑ፣ ትንቢት ድማ ተፈጺሙ።

ይኹን ደኣ እምበር ጕዳይ የሩሳሌም ኣብኡ ዚውዳእ ነገር ኣይኰነን። ኣይሁድን ኣዕራብን ብናህሪ ዝተሃላለኹሉ፡ ንባይቶ መንግስታት ዓለም ከኣ ዚኸብዶም ቀጻሊ ጉዳይ ምኳኑ፡ ብ520 ቅ.ል.ክ. ዝነበረ ነብይ ዘካርያስ፡ ቅድሚ ኣማኢት ዓመታት ብትንቢት ነጊርዎ ይርከብ (12፡2-3)።

"እንሆ የሩሳሌም ነቶም ኣብ ዙርያ ዘለዉ ኹላቶም ህዝብታት ጽዋእ ስኽራን ኪገብራ እየ፡ የሩሳሌም ተኸቢባ ኸላ'ውን፡ ኣብ ይሁዳ ከምኡ ኪኸውን እዩ። በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ ኪኸውን እዩ፡ የሩሳሌም ንኹላቶም ህዝብታት ከቢድ እምኒ ኽገብራ እየ፡ ዚስከሙዋ ዘበሉ ኹላቶም ኣዝዮም ኪቘስሉ እዮም፡ ኹላቶም ኣህዛብ ምድሪ'ውን ንምጽራራ ኺእከቡ እዮም።"

**ትንቢት ብዛዕባ የሩሳሌም፡ ምምላስ የሱስ ክርስቶስ ኣዝዩ ይቐርብ ምህላዉ ክንቋመቶ ዘሎና፡ ሽልል ድማ ኪብሃል ዘይብሉ ንጹር ሓበሬታ እዩ።**

## ቀጻሊ ትምህርቲ

# መዘኻኸሪ

እቶም ብስራት መጽሄት ኣብ ቤትኩም ዝመጻኩም፡ ኣድራሻ ክትቅይሩ ከሎኹም ብዓንተቦ ምስ እትነግሩና ንዓና ብሓቂ ዓቢ ደገፍ እዩ። እቲ መጽሄት ኪምለስ ከሎ፡ ካብቲ ክለኣኽልኩም ከሎ ዕጽፊ ዚኸውን ስለ ዘኽፍሉና፡ እዚ ዘየድሊ ክፍሊት ካብ ምኽፋል ምእንቲ ኽንቁጠብሲ፡ ከም እትሕብሩና ግበሩ።

Editor@Besserat.org

## ካብ ገጽ 6፡ "ኣበይ ከመይ . . . ? ዝቕጽለ።

**ሕጂ ሕስብ እንተ ኣበልኩዎስ፡ የሱስ ክርስቶስ መድሃኒ ኣለም እብሎ፡ በቲ ሓደ ወገን ድማ፡ ምእንቲ ኽጸድቕ ህርድግ እብል። እቲ ንኽድምሰስ ደም ናይ እቲ፡ ገለ ሓጢኣት ዘይገገረ ንጹህ ደም ዝሓተተስ፡ ሓጢኣተይ ኺድምስስ ዚገብሮ ዝነበርኩ ኵሉ ተዘኪሩኒ፡ ንንሞት ክርስቶስ ዘናእሶ ዝነበርኩ ኹዑይኑ ተሰሚዑኒ።**

**ግና ከምቲ ዝበለቶ እቲ ሕያዋይ ኣምላኽ፡ ምሕረቱ ዘይውዳእ ኲዑይኑ፡ እንሆ እኳ መገዲ ድሕነት ገሊጹለይ።**

**እቲ፡ "ዝገበርኩ እንተ ገበርኩ፡ ፍጹም ሓጢኣት ዘይብለይ ክኸውን ኣይክእልን እየ። እንተ ዝኸውንሲ መድሓኒ ኣይመድልየንን። የሱስ ከኣ ኣብ መስቀል ኽመውት ኣይመድለዮን" ዝበለቶ እናበርሀን እናተሰወጠንን ክኸይድ ጀመረ። ልክዕ ከምዚ ከቢድ ጾር ካብ ሕቘይ ዚወርድ ዝነበረ ድማ ፍኹስ ክብለኒ ጀሚሩ።**

**እቲ መጀመርታ ብዛዕባ ናይ ሃይማኖት ጉዳይ ስለ ዝመሰለኒ ፍርሂ ነይሩኒ። ሕጂ ግና ኹሉ ኺበርሃለይ ጀመረ። ስለምንታይ ኣብ ምንታይ ከም ዝኾነ እኳ ብኡ-ብኡ እንተ ዘይሓሰብኩሉ፡ ተስፋ ኽገብር ጀመርኩ ፍርሂ ድማ ካባይ ኺርሕቕ ጀመረ።**

**ይቕጽል . . . . . . . . . . . . . . .**




For Reservations to Africa including Eritrea, and Europe call

704-975-0871

Abrehet Travel

Abrehet Travel: 11507 McGinns, Chorlotte, NC 28277 proud sponsor of "Besserat"